**ብእምባየ ደዲማስ በየነ**

## ሓሊፉ እዩ። ግን…

## ከም መበገሲ፡-

ማዓልቲ ቀዳም ዕለት 20 ወርሒ ሕዳር 2007 ዓ.ም እዩ። ተኸተልቲ እምነት ክርስትናን ዑደተኛታትን ካብ ኣርባዕቲኡ ኣንፈታት ኩርናዓት ዓለምና ክብረ ባዓል ማርያም ፅዮን ንምኽባር ናብታ ፈላሚት ስልጣነ፣ ቦኽራ ታሪኽ፣ ባሕሪ ፍልስፍናን ሕምብርቲ ብሉፅ ቅርስናን ዝኾነት፣ ጥበብ ቀዳሞት ወለድና ዝተጋህደላ፣ ታኣምር ዘንገረ ሰማይ ጠቀስ ሓወልትን ዓሰርቲኦም ትእዛዛት ዝሓዘ ብኢድ ፈጣሪ ዝተፃሕፈ ታኣምራዊ ታቦት ዝርከበላ…ኣክሱም ይጓዓዝሎ። ኣይትሓዙላተይ ዳኣ እምበር ኣነ ግን ንኣንፈት ደቡብ ክልልና ይጓዓዝለኹ - ፅድቂዶ ፀሊአ ኢልኩምናቲ ጉዳይ ስራሕ ዘይሕለፍ ቆፀሮ ነይሩ እምበር። እምባኣርከስ ብዓይነ ሕልናኹም ሓቢርኩምኒ ተጉዓዙታሞ ተጓንፎይ ከካፍለካትኩም።

ወጋሕታ ካብ ምድቃሰይ ተሲአ "ቡሩኽ ማዓልቲ ኣውዕለኒ" ኢለ ፅቡቕ ተመንየ ናብ መውሃቢ ግልጋሎት መጓዓዝያ ህዝቢ ከተማ መቐለ ኣትየ ማኪና ተሳፈርኩ። ከምቲ ትፈልጡዋቶ ንኣንፈት ደቡባዊ ክልልና እንትትጓዓዝ በቲ ሰሚዕኻዮ ዘይፅገብ ላዛዊ ዘረባ ራያ እናተሓደስካ እዩ ጉዕዞ። ዝተሳፈርኩላ ማኪና ንኲሓ መውፅኢ ሓፃር ዓቐበት ወፂኣ ሰሜናዊት ኮኾብ ከተማ መቐለ ንድሕሪት ገዲፋ ተሓምበበት።

"ዓዲ ጉደም ዶ ዓድኽይ ማይዳ ብልዓትየ

በልዑ ድበልኽኒ ደም ብላዓትየ

ክልተ ኩላሶ ሳልሳይ ንብዓትየ…" ተባሂሉ `"ጉማየ" ዝተብሃለሉ ከባቢታት ዓዲጉደም ሓሊፍናዮ ከድና። ማኪና ማይዳ እናጨደደት፣ ዓቐበት እናወፅአት፣ ቁልቁለት እናወረደት ዓዲ ሽሁ ኣብፅሐትና። እንቕድም ኣብ እዋን መኸተ ወራር ጣልያን

"ባዓል ጉራደ እምብለይ ባሃሊ

ብሰናድር ጥልያን መባረሪ…" ኣብ እዋን ቃልሲ ቀዳማይ ወያነ ድማ

"እምባ ኣላጀ ኮይኑ ጉማይ በለ

ኣለሊኻዮዶ ሓፋሽየ ትወያነ…" ኣብ እዋን ቃልሲ ካልኣይ ወያነና ህ.ወ.ሓ.ት ድማ

"ኣብ ኣላጀ ታባ

ኣፅደፍካዮም እባ…" ተባሂሉ እንትዝየም ብተደጋጋሚ ሽሙ ዝተልዓለ ሰንሰለታዊ ጎቦ ኣላጀ ክሳደይ ብመሽኮት ማኪና ኣቐልቂለ ብኩርዓት ጠመትኩዎ። ማኪናና ቀፀለት። ሕዚ

እውን ፅንዓት፣ ጅግንነት፣ ሓቦ፣ ወያናይነት... ተጋዳላይ ንምግላፅ ካብ ዝተዘየመሎም ታሪኻዊ ቦታታት

"ኣብቲ ክሳድ ጉዶ

"ኣይ ዓጎድካሉንዶ..." ዝተብሃለሉ ጠመዝማዛ ቁልቁለት ክሳድ ጉዶ ወሪድና ኣብ ጉዕዞ ቅልጡፍ ሕዳሰ ካብ ዝርከባ ከተማታት ሃገርና ሓንቲ ዝኾነት ዕምብብቲ ከተማ ማይ ጨው ኣተና። እወ! ካብቶም ማዕርነት ብሄር - ብሄረ ሰባትን ህዝብታትን ኢዮጵያ ናፈቖም ኣንፃር ስርዓት ሃይለስላሰ ብርሱን ወነ ዝተቓለሱ ናይ ነፃነት ጀጋኑ ርሑቕ ሓሳቢ ኣብ ቀረባ ሓዳሪ ጥላሁን ግዛው መልሚላ ዘዕበየት - ማይ ጨው። ከተማ ማይ ጨው ኣብ ዘይተደለየ ወቕቲ ክወርድ ማይ ዝጠነሰ ደበና ኣንፀላልይዋ ስለዘሎ ኣፃብዕቲ ዘርግፍ ዛሕልን ነፀላኻ ዝምንዝዕ ሓያል ንፋስን በርቲዕዋሎ። ቁሪ እንተተዓገሰለይ ከብደይ ውዑይ ክመልሰሉ ናብ እንዳቡን ኣጋለስኩ። ሃሪ ዝመስል ነዊሕ ፀጉሪ ርእሳ ኣብ እንግድዓኣ ዝተሓዘለ ጣዕመ ላዛኣ ማዓር ጥርብ ዝብል ዓሳዲ ማይ ጨው ዝተኣዘዘትኒ ቡን ክሳብ ዝመፅኣኒ እናተፀበኹ ከለኹ ሓደ ምንቅስቓስ ተዓዘብኩ። ብናተይ ግምት ኣብ ከባቢታት 19 ዕድመ ዝርከብ መንእሰይ ኣብ ፃዕዳ ወረቐት ብሰማያዊ ሕብሪ ዝተፅሓፈ ጋዜጣ ዘዝሓልፍ ሰብ ክዕድል ራኣኹ። እቲ ጋዜጣ ገሊኡ ተቐቢሉ እናንበቦ ይኸይድ፣ ገሊኡ ተቐቢሉ ይቐዶ፣ ገሊኡ ናይ ኣይደልን ምልክት ርእሱ ይንቕንቕ፣ ገሊኡ ንገናሕቲ ዝሓልፉ መካይን ናይ ርገፅዎ ምልክት እናርኣዩ ኣብ ኣስፓልት የቐምጦ...። በቲ ህዝቢ ተቐባልነት ዝሳኣነ ጋዜጣ ምኽኒ ምስ ተዓዘብኩ መንነት እቲ ጋዜጣ ምግማቱ ኣየፀገመለይን። እቲ ጋዜጣ ዝዕድል መንእሰይ ናብቲ ዘለናዮ እንዳ ቡን መፂኡ ምዕዳል ጀመረ። ብከባቢ የማናይ ጎነይ ዝነበረ መንእሰይ ናይ ኣይደልን ምልክት ምስ ኣርኣዮ "ዳሓን ኣምቢብካ ምቕዳድ ይካኣል እዩ" በሎ። ዘላቕነት ዘይብሉ ዕላማ ብኻፉ ዝናብ ዝሽርሽር ኣብ ሓፃ ዝተሰረተ ስለዝኾነ ኣብ ዝቕደድ ወረቐት ዝፃሓፍ ምኽኒ ተገንዚቡ "ግዘ ወርቂ እዩ ምባል ንኢስዎስ ግዘ ሂወት እዩ ኣብ ዝተብሃለሉ እዋን ስለዘለና ከንቱ ፅሑፍ ከንብብ ግዘየይ ብከንቱ ኣየሕልፍን ናብ ጓሓፍ ደርብዮ" ኢልዎ ተሲኡ ከደ። ሓቂ ከም ጋዜጣ ወይን ዶድኣ ልሳን ክቡር ህዝቢ ስለዝሓዘ ብኽብሪ ተነቢቡ ብኽብሪ ክቕመጥ ኮይኑ። ናባይ ድማ መፂኡ ጋዜጣ ሃበኒ። 'ሃሳስያ ሓንቲ ደርፉ' ስለዝኾነስ ካብቲ ዝተለመደ ብማንካ ንዘይፀሪ ካፊር ዓዘር ቆዘር ሓሊፉ ዝተፈለየ ሓሳብ ከምዘይህልዎ እናገመትኩ ግን ድማ ተቐበኩዎ። "ዓረና ትግራይ ንዲሞክራሲን ሉኣላውነትን" ዝብል ሎጎ ዝዓረፎ "ዓረና" ዝብል ኣርእስቲ ብዓብዪ ፊደላት ዝተፃሕፈ ጋዜጣ እዩ። እምባኣርከስ ንመእተዊ እዚ ካብ በልኩ፣ ናብቲ ብርዕን ወረቐትን ከላትም ዘበገሰኒ ጉዳይ ክኣቱ። ካብቲ ውሽጢ ፅሑፍ እቲ ጋዜጣ ካብቶም ቡዙሓት ሃጠው ቀጠው 3 ጉዳያት ከልዕልሞ ናብ ካልእ ክሰግር።

**ዓረና ትግራይ ንዲሞክራሲን ሉኣላውነትን፡-** እዚ ሙሉእ ሽም ናይቲ 'ውድብ' እየ ዝብለና ዘሎ እዩ። ብዝርዝር እንትርአ

**ዓረና ንዲሞክራሲ፡-** እዚ ረኺብናዮ ዘለና ሰላም፣ ዲሞክራሲን ልምዓትን፣ ዉፁዓት ህዝብታት ን17 ዓማውቲ መሪርን ፈታንን ብረታዊ ቃልሲ ኣካይዶም ብኣማኢት ኣሻሓት ናይ ዝቑፀሩ ስዉኣት ክቡር ሂወትን ወርቃዊ ኣካላትን ተኸፊልዎ እዩ እምበር ኣሕዚናዮ ኣናሕስዩ

ዝተኾበልና ኣካል ዋላ ሓደ የለን። ስለዝኾነ ድማ ህዝቢ ከም ብሌን ዓይኑ ነቒሑ ይሕልዎ። ካብ ዲሞክራሲ ዝምንጭው ሰናይ ምምሕዳር ካዓ ዘለውዎ ጎደሎታት በብፅባሕ እናተኣረሙ ምዕቡላት ጎኑታቱ እናተጠናኸሩ እናዓምበበ ዝግስግስ እዩ። ልክዕ ከምቲ ናብ ደብሪ በብደረጅኡ እትወፆ ኣብ ከይዲ እናጎልበተ እዩ ኣብ ጠርዚ ፍፁማዊነት ዝበፅሕ - ሰናይ ምምሕዳር። ሕዚ 'ንዲሞክራሲ ኢና ንቃለስ' ዝብሉና ዘለዉ እንቕሙጥ ሰማይ ቀረብኡ ካብዚ ዓቲርናዮ ዘለና ዲሞክራሲ ንላዕሊ እንታይ ስለዘሎ እዩ።

**ዓረና ንሉኣላውነት፡-** ኢትዮጵያውያን ይትረፍዶ ሎሚ ኣብ ዓለም ሙሉእ ድምፅና ተሰሚዑ ኣብ ጎንና ቡዙሓት ፈተውቲ ኣዕሲልና፣ ቀደምኳ እንትርፎ ዘራያት ሓገዝትን ገልገልትን ኣብ ዘይነበሩና ፀበባ እዋናት ብሉኣላውነትና ተሸማጊልና ኣይንፈልጥን - ክብርን ሞጎስን ምእንተ እቶም ንምኽባር ሉኣላውነት ሃገሮም መስዋእቲ ዝኸፈሉ ጀጋኑ። ሃገርና ብሕታዊት ናይ ነፃት ኣደ እያ። ዶባታ ብኣዕፅምቲ ጀጋኑ ዝተሓፀረ፣ ካብ ርሑቕ ይኹን ካብ ቀረባ ብትዕቢትን ጉራን ተሃንዲዱ ፅንፅያኣ ኡሽ ዝብለላ ዘይብላ ክብርትን ተፈራሒትን ሃገር እያ። ኮይኑ ግን ሎሚ፣ ፅባሕ፣ ድሕሪ ፅባሕ፣ ዋላ እውን ብድሕሪኡ … ብእተመዝግቦ ዘላ ቅልጡፍን ኣንፀባራቕን ዓወታት ልምዓት ቀኒኡ ደም ዓይኑ ዝመልአ ጉያ ጉዕዞ ሕዳሰኣ ንምትሕንኻል ክብራ ክትንክፍ ዝፍትን ሓይሊ እንተሃልዩ ኢትዮጵያውያን ከምቲ ዝተለመደ ቆፍኡ ከም ዝተተንከፎ ንህቢ ብሓደ ህርመት ልቢ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ከቲቱ ምኩሓት ካባ ሕፍረት ናይ ምሽፋንን ከም ዘይደግሙ ገይሩ ናይ ምድርዓምን ህዝባዊ ማዕበልነቱ ኣብ ቦትኡ እዩ ዘሎ። ሕዚ ንባዕሎም ዘይዓረዩ 'ዓረና ንሉኣላውነት' ዝብሉና እኒ ተዋጋኢ ኣውርድ ድልየቶምን ፃምኦምን ዝተጋህደ ሓቂ እዩ። ክብርን ምስጋናን ንጀጋኑ ስውኣት ይኹን ብኹፉእ ዝጠመተና ዳኣ ዓይኑ ይገሰም እምበር ኣብዚ እዋን መናእሰይ ቡዙሓት ኢናፀላኢ ዓይንና ይፍሰስ። ኣብ ህዝባዊ ባዓላት፣ ሙዚቃዊ ምርኢታት፣ ኣብ ስራሕቲ፣ ኣብ ቤተ ትምህርትታት…ብርክት ኢልና ስለዝሪኡና ደም ዓይኖም ስለዝመልእ ዝህቦም ዳኣ ኣይብሎምን እምበር ናብ ስልጣን እንተወፂኦም ብኣልማሚት ክንዝሕዛሕ በቲ ዘይእሩም ኣንደበቶም ከም መንደላይ ተመን እናሓለፉ ንሰብ ቀረባን ርሖቕን ጎረባብቲ ህዝብታት እናተናኸሱ መንእሰይ ናብ ግምባራት እናኸተቱ ድራር ዓረር ክገብሩና እዩ ድሌቶም። ንውልቀ ክብሮም 'ኣብ ኲናት ዘይዋዓለ በሊሕ' ከምዝባሃል ኣፎም ክሳብ ዝዓፍር ጀጋኑ ኢና ኢሎም ክትርጀጁ ምእንታን። እዚኣ ድማ ኣንሕና መናእሰይ ናይ ፈለማ ዓረር ኣብ ዝባን መን ከም እትዓልብ ብዝግባእ ንፈልጣ ኢና። ስለዚ ልምዓታውን ዲሞክራሲያውን ውድብናን መንግስትናን እናደገፍና ሰላምናን ዲሞክራሲናን ከልምሱ፣ ሕገ መንግስትና ክሽርሽሩ ዝህቅኑ መድሐርሐርቲ ፀረ ልምዓት ሓይልታት ስጉሚ ኣይነሰድሮምን-ደቂ መን ዲና። ብዋዛ ዘይርአ ከቢድ ቃል ሕድሪ መለስን ኩሎም ስዉኣትናን ኣብ ልብና ከቲብና ብንቕሓት ስርዓት ሕገ መንግስትና እንሕልው መናእሰይ ኢና። እምበር ብሃበ ተረኽበ ዘረባ ዋሎ ዝሽርሽር ኣብ ደንደስ ዕንወት ዝተነደቐ ልቦና የብልናን። ልቦናና ከም ኣያታትናን ኣደታትናን ብመትከልን ፅንዓትን ኣብ ድልዱል ዝተሃነፀ እዩ። ስለዚ፣ ዓረና ትርግታ ልቢ መናእሰይ ዘየድመፀ ምኻኑ ካብ ሽሙ ይብገስ። ክቡራት ኣንበብቲ ብዛዕባ እቲ ትርጉም ውዳበ ከይፈለጠ ዝተወደበ ''ውድብ እየ' ዝብለና ዘሎ እዚ ካብ በልኩ ካብ ትሕዝቶታት እቲ ጋዜጥኡ ንዝተወሰኑ ከልዕል።

***መማረፂ ፖሊስን ሰላማዊ ናይ ቃልሲ እስትራተጂን፡-*** መንነት ህዝቢ ትግራይን መሪሕ ውድቡ ህ.ወ.ሓ.ትን ከይፈለጡ ሓምቢሶም ኣብ ዘይሰግርዎ ማዕበል ዝሕምሱ ዘለዉ ህዝቢ ኣፍልጦ ከይሃቦም ባዕሎም ፈላጣት ኢና ዝብሉ እንታይ እድባቶም። እዚ ብቓልሱ ዝኸበረ፣ ምስ ልምዓታዊ ውድቡን መንግስቱን ዓወት ምዕባለ ተመጣጢሩ ክጭብጦ እታ ናይ መወዳእታ ዓቐበት ክውድኣ ማርሺ ወሲኹ ብዘየቋርፅ ናህሪ እናጎየየ እንከሎ ዳግም ድኽነቱ፣ ስደቱን ሓሳረ መከርኡን...ናፊቖም ዝተኸበረ ህዝቢ ምእንተ ክብሩ ንሰከንድ ከይሓሰቡ ይነቓንቕዎ ኣለዉ። እምበር መንነት ህዝቢ ትግራይ እንተዝፈልጡማ "ሓለፍናያ ክብላስ ፃሕሊ ይዓጥና" ኣይምኾኑን ነይሮም። ህዝቢ ትግራይ ከም ሎሚ ከይኮነ ብኽልተ ጎኑ ደቂሱ ንፁህ ኣየር እናተንፈሰ፣ ትማሊ ኣብ ልዕሊ ጥምየቱን ዕርቃኑን ብኣርባዕቲኡ ኣንፈት ቆስቋሲ በዚሕዎ ዕረፍቲ ስኢኑ ድከቱ እንትርኢ ከምኒ ኢዱ፣ ኢሃፓ፡ ኢድሕ፣ ጠራናፊት... ቡዙሓት መማረፅታት "ኣነ ይሕሸካ" እናበሉ  እንትናቖርሉ ኣይተደናገረን። ህዝቢ ትግራይ ካብ ለባም ኣታሓሳስብኡ ብዝምንጩ ርሑቕ ኣማታይነቱ ተበጊሱ ብፀቢብ ሞንፊት መምዩ ዘይህዝባዊ ባህሪ ዝተላበሱ ጉሒላታት ነፂጉ ምስ ህዝባዊት መሪሕ ውድቡ ህ.ወ.ሓ.ት ወጊኑ እዩ። ህዝቢ ትግራይ ምስ ህ.ወ.ሓ.ት ወጊኑ ብምቅላሱ ዝበፅሖ በደላት ታሪኽ ብዘይሃስስ ቀይሕ ቀለም ሰኒዱ ኣብ ማህደሩ ዘስፈሮ ዘልኣለም እናተዘከረ ዝነብር እዩ። ህዝቢ ትግራይን መሪሕ ውድቡ ህ.ወ.ሓ.ትን ከም ማይን ፀባን ተዋሃሂዶም ንዘይተርፍ ዓወት ቃልሲ ዝጠልቦ ኩሉ እናወፈዩ ምስ ካልኦት ውፁዓት ህዝብታት ብሓባር ዘላቕን ዘተኣማምንን ዓወት ጨቢጦም እዮም። እዞም ሎሚ ንህዝቢ ትግራይ "መማረፂ ክንኮነካ" ዝብልዎ ዘለዉ፣ ላምባዲና "ካብ ፃሓይ ቀትሪ ኣነ ይሐሽ" ኢላ ትሚጎት ዘላ እዩ ዝመስል። ምኽንያቱ እታ ላምባዲና ኣብ ጠላዕ ፃሓይ ቀትሪ ብርሃና ዝወልዐት ምኻናኳስ ኣይትርአን። እንተበርሀት እውን ትርጉም የብላን - ባትሪኣ ካብ ምውዳእ ሓሊፉ። ህዝቢ ትግራይ መሪሕ ውድቡ ህ.ወ.ሓ.ት ዘለውዎ ጎደሎታት ንምእራም ፃት ዘይትወስድ ካብ ቶሞኩሮታታ እትምሃርን እትሕይልን ህዝባዊት ውድብ ስለዝኾነት ምስ ህዝባ ብምርድዳእ እያ እትግስግስ። ህዝቢ ትግራይ ድማ ህ.ወ.ሓ.ት ከም ዘይናሃቱ ጎዶሎታት እናራኣየ ታዓዛባይ ዝኸውን ህዝቢ ኣይኮነን። መድረኽ ተመቻቺዩ ብግልፅን ብሓቀኝነትን ጎዶሎታታ ነቒሱ ብምውፃእ መመሊሳ ክትሽድነሉ እዩ ዝገብር። ነዚ እዩ ድማ ስሙይ መራሒና ስዉእ ተጋዳላይ መለስ ዜናዊ ንህዝቢ ትግራይን መሪሕ ውድቡ ህ.ወ.ሓ.ትን በቲ ዘመን ተሳጋሪ ርቱዕ ኣንደበቱ እንትገልፆ "**ህዝቢ ትግራይ ናይ ህወሓት ደጋፊ ኣይኮነን፣ ህዝቢ ትግራይ ባዕሉ ህ.ወ.ሓ.ት እዩ**" ዝበለ። ስለዚ ብውልቀ ስምዒት ቅሬታ ኣጉሲያም ዝነቐዘ ኣታሓሳስባ ወኒኖም ንህዝቢ ትግራይ መማረፂ ክንኮነካ ዝብልዎ ዘለዉ ምስ ተረፍ መረፍ ኢሰፓውያን ዝወገኑ ብህርፋን ስልጣን ልቦንኦም ብስብሒ ዝተሸፈነ ኣብ ደምበ ክራይ ኣከብቲ ዝተዳጎኑ መላኻዕቲ እቶም ትማሊ ንብርሰቱን ውርደቱን ባይታ ዘመቻቸዉ እቶም ናይ ትማሊ ጨካናት ኣዛብእ ምስተን ናይ ትማሊ በላሕቲ ኣስናኖም  እዮም። ህዝቢ ትግራይ ካልኣይን ሳልሳይን  መማረፂ ዘይደልየላ እንኮ መሪሕ ውድቡ ህ.ወ.ሓ.ትን ህ.ወ.ሓ.ትን ጥራሕ እያ። ሰገርኩ እምባኣር ሳዓቡናቲ።

*****

እወ! ምሕላፍስ ሓሊፉ እዩ። ሓሊፉስ ‘ሓሊፉ’ ኢልናኳ ብፈረስ ዝኸሪ ሓያሎ ዓመታት ንድሕሪት ምልስ ኢልና ነዘንትዎ ኣለና። ዝበፅሐና ግፍዒ ስምብራቱ ገና ስለ ዘይሓወየ ናይ ዓይኒ ምስክር እዩ። ‘ባሕሪ ኣንፂፍካ ዓሳ ምዝፋፍ’ ዝብል ብጭካነ ዝተፋሓሰ ኣረሜናዊ ፋሽሽታዊ ስርዓት ፀረ - ህዝቢ፣ ሓሳብ ልቦም ተዝሰምር ነይሩ ዜጋ ከም ዜጋ ምበረስናሞ ኣልቦ ነጋሪ ወረ ምኾና ነይርና። ስለ ዘይበረስና ግን ኣለና … ክንህልው እውን ኢና። ከመይሲ እቲ ባሕሪ ብሕራነ ኣመና ስለዝጋረረስ ተጨንጕዕዎ እምበር ኣይነፀፈን…እቲ ዓሳ ምሒር ስለ ዝሓረነ ተሸንጢፍዎ እምበር ኣይተዘፈፈን…። ምኽንያቱ ቅኑዕን ኣብ ዘታኣማምንን መስመር ተሰሊፉ ተወዲቡ ብፅንዓት ዝተቓለሰ ህዝቢ ዓወቱ ናይ ግድን ስለዝኾነ ተዓወቱ። እንሆ ድማ ማእለያ ዘይነበሮም ፀገማት ብፅንዓት ሰጊርና ኣብ ጎደና ሕዳሰ ምዕራፍ ቃልሲ ኮይና ናይ ትማሊ ግፍዒ ሓሊፉስ ‘ሓሊፉ’ ኢልና ነዘንትዎ ኣለና። ዓቐን ኣልቦ ግፍዕን በደልን በፂሑና እምበር ኣይበረስናን። እንተኾነ ግን ስቓይና ዘስሕቖም፣ ብርሰትና ዘብህጎም…ተረፍ መረፍ ናይቶም ትማሊ ኣብ ዝተፈላዩ ግጥማት ካባ ሕፍረት ዘጎልበብናዮም ደመኛታትና፣ ትማሊ ዝወረደና ግፍዒ ዝረሳዕናዮ መሲልዎም ናፊቐምዎ ውጥም ቅልቅል ኣይገደፉን። ንሕና ግን ይትረፍ ክንናፍቖ ክንዝክሮኳ የስካሕኽሐና ኣሎ። ጀልባ ዝኸሪ ተሳፊርና ብማዕበል ግፍዕን ስቓይን እናተንገላታዕና ገዲፍናዮም ዝመፃእና ናይ ፀበባ ዓመታት እንትንዝክሮም ስኽሕኽሕ ኢሉና ቀልብና ንስሕት። ‘ናይ እማን ሓሊፍናዮ ዲና?’ ኢልና ብመስዋእትን መጉዳእትን ንዝተመለሰ ሕቶ መመሊስና ንባዕልና ንሓትት። እወ! ምሕላፍስ ሓሊፉ እዩ ግን ከመይ ጌርና ክንርስዖ-ክንርስዮዶ ተበዲልና። ዝበደለ እንተረስዮ እንታይ ግዱ - ንሪኦዶ የለናን። ዝተበደለ ግን ተኻፉሊ ናይቲ ግዳይ ስለዝኾነ ከመይ ገይሩ ክርስዮ። ክቡራት ኣምበብቲ እሞ ነዞም ዘይቅኑዕን ሀይህዝባውን ዕላማ ሰኒቖም ሰላምና ክዘርጉ ሃገም ደህገም ዝብሉ ዘለዉ ፀረ ዕብየት ሓይልታት ካብ ባሕሪ እቲ ዝበፅሐና ግፍዒ ብማንካ ጨሊፍና እንተዘኻኸርናዮምከ?…። ግርም፣ ወጊእና ዘይንመስት ተቐየምቲ ግን ኣይኮናን። ልብና ብበሊሕ ናይ በደል መስፈ መመሊሱ እንተደመየ እውን ለባም ኣታሓሳስባ  ዘመንጭው ልብና መመሊሱ ንይቕረታ ዝተዓደለ እዩ። ሓለንጊ ግፍዒ ዘሸምበሮ ዝባና ወግሐ ፀብሐ እንትንሪኦ ስለዘስካሕኽሐና ብመነፅር ዝኸሪ ንድሕሪት እናተመለስና ዘሕለፍናዮም ግፍዕታት ብዓይነ ሕልናና ምዝካር ኣይተርፍን።

## ካብ ባሕሪ ግፍዒ ብማንካ፡-

ነብሰ ፁር ሓደ ኣብ ክንዲ ሕንጦ ተገላጊላ ተዓሊሉ ጋዓት ሓራስ ዝብላዕ ከብዳ ብሳንጃ ተዞሪቑ (ተቐዲዱ) ዕሽል ከም ዕንጉለ ነቲዑ፣ ብዋጋ ዘይትመን ሙቁር ፀባ ዝዓንገሉ ኣጥዋት ሓደ ብሳንጃ ተቖሪፆም ንኣኽላባት ተዋሂቦም። ሰብ ፀጋ ዕድመ ታሪኽ፣ ባህሊ፣ ቋንቋ፣ ዛንታ…ናብ ውልድ ወለዶ ከወራርስዎ ፃሓይ ክሳብ ትበርኽ ብተስፋን ፀሎትን እናተፀበዩ እንከለዉ ኣዒንቶም እናራኣየ ኣእዛኖም እናሰምዐ ግፍዐኛታት ብገደል ኣፅዲፈምዎም ኣዕፅምቶም ተዳቒቑ፣ ስግኦም ቀለብ ኣሚሩ ኮይኑ። መናእሰይ ኣብ ክንዲ ዝማሃሩን ዝመራመሩን፣ ክንዲ ዓዶም ዝሃንፁን ዘማዕብሉን…ከም እንስሳ ዘገዳም እናተሃደኑ ሩፍታ ስኢኖም ፎቖዶ ስደት ከም ደቂ ዛገራ ፋሕ ብትን ኢሎም። ብኣሻሓት ዝቑፀሩ ድማ ናይቲ ወፍሪ ብርሰት ዜጋታት ግዳይ ቀይሕ ራዕዲ ኮይኖም ብዓረር ዓምቢቦም ኣብ ፅርግያ ተሰጢሖም። ኣደታት ተገሲሰን፣ ጎራዙ ብሰደፍ ጠበንጃ ተሃቢቐን ብሓደ ጥራሕ ዘይኮነስ ብብዙሓት፣ ብንቡር ጥራሕ ዘይኮነስ ብዘይንቡር… እንስሳዊ ባህሪ ርክብ ግበረ ስጋ ተፈፂምወን መርወይ ፃምእ ስምዒት ኣረማውያን ኮይነን ኣእሙሮኣን ስሒተን ወዲቐን ዓለም ኣብ ዝደቀሳላ ኮይነን ተሰናቢተንኣ። ብጅምላ ናብ ካርሸለ ዝተዳጎኑ ንፁሃት ወገናት ኣፎም ደምን መግልን ናብ ዝመልአ በርሚል እናጠለቑ፣ ድምፂ ኣውያት ከየስምዑ ኣፎም ብረሳሕ ካልሲ ተወቲፉ ብሰንሰለት ተገሪፎም፣ ሸሞንተ ቁፅሪ ኩርንኩሪት ተኣሲሮም ፅፍሪ ኢዶም ብጉጤት እንትምሰት፣ ኣካላቶም ማይ ዉዑይ እናተንዘብዘቦ ብጎርማጅ ተገሪፎም ስግኦም ዝተጠበሰ ስጋ መሲሉ… ኣስናኖም ክሳብ ዝረግፍ ተቐጥቂጦም…። ወለዲ ከምቲ ንቡር ርሑስ ዳስ ደስዲሶም ደቆም ምምርዓው ነውሪ ኮይኑ ንቡር ተሪፉ። ክንዲ ኣብ መርዓን ደርዓን ውላዶም ዝዕልሉ መላምል ደቆም ብዓረር ተሓንዚፎም ኣብ ቅድሚ ዓይኖም ተዘርጊሖም። ኣብ ሬሳ ደቆም ዝለሉ ተባሂሎም… ዓልሉ ተባሂሎም ንብዓቶም ንውሽጢ ሙዒጎም ዓሊሎም። ትኩስ ንብዓቶም ከየርግፉ ሓዊ ዝተፍእ ብረት ኣፈሙዙ ኣብ ግምባሮም ተወዲሩ (ተተኺሉ) ንብዓቶም ንውሽጢ ፈሲሱ ማዓንጥኦም ጋህሚቱ በጣጢስዎ፣ ሻምቡኦም ብእህታ ነዲዱ፣ ልቦም ብሕርቀት ሓቢጡ…ጥዕና ርሒቕዎም ሂወቶም ሓሊፉ ደድሕሪ ደቆም ስዒቦም። ኣብ ልዕሊ መናእሰይ ብዝወርድ ሕሱም ትርኢት ግፍዒ ኣደታት ወላድ ማህፀነን ረጊመንኦ መኻንነት ተመኒየን። ኣብያተ ፀሎታት ተቓፂሎም፣ ተራኺሶም መውዓሊ ወታሃደራት ኮይኖም። ቁሽታት ተባሪያም፣ ሰብ ከም እንስሳ ዘገዳም ኣብ ባዓቲ ሰፊሩ፣ ገባር ጥሪቱ ተዘሪፉ ዝልሓስ ሓሪምዎ ብሓለንጊ ጥሜት ተገሪፉ። ገሊኡ ንዕኡ እተምውቐ ፃሓይ ክሳብ እትበርኽ ዝፎትዋ ጎጅኡ ንድሕሪት ሸጕሩ ሕዝሎን እንጥልጥሎን ተሰኪሙ ብሓዊ ዝተሓፀሩ ዶባት እናተሳገረ ዕርብርቡ ናብ ስደት ሃፅ ኢሉ ጠፊኡ። ጎቦታት ወግሐ ፀብሐ

ብመዳፍዕ ኲናት እናተሓረሱ ባዲሞም። ሩባታት ብደብዳብ ነፈርቲ ንፁሃት ዜጋታት ብዝዋሓጀ ደም ናብ ሕዋይ ተለዊጦም። ጎላጉል ብደም ጭቃ ረግረግ ኮይኖም። ቢንቶታት ንፁሃት ዜጋታት ብጅምላ መጨፍጨፊ ኮይኖም ኣፍንጫ ብዝሰብር ጨና በድቢዶም። ከተማታት ብድምፂ ኣውያትን ርግዳንን ፀሚሞም። ጎደናታ በቶም ዓረር ዝቛሓሙ መናእሰይ ከም ቡቕሊ መስጥሒ ኮይኖም። ሕጓ መረባ ዓዲ ብደም ኣዕለቕሊቑ ኣረማውያን ንምርጋፅ ክሳብ ዝስከፍዎ ጨቅዩ...። ግን ሓሊፍናዮ ኢና። እንተኾነ ግን ይሕለፍ እምበር ኣይንርስዮን-ክንረስዮ ዶ ተበዲልና። ኣብ ዝቕፅሉ ወሎዶታት ከይድገም መምሃሪ ክኸውን ብቐይሕ ቀለም ተፃሒፉ ኣብ ዘይበሊ ማህደር ታሪኽና ተሰኒዱ እዩ። እወ! ኣብ ልዕሌና ዝበፅሐ ክንዝክሮኳ ዘስካሕኽሐና ግፍዕን በደልን ሓሊፉ እዩ፣ ግን ኣይረሳዕናዮን። ስለዚ ዝረሳዕናዮ መሲልዎም ናብቲ ብቓልስና ሰጊርናዮ ዝመፃእና ጭቃ ግፍዕን በደልን መሊሶም ክርግርጉና ዲሕ ዝብሉ ምስ ተረፍ መረፍ ኢሰፓውያን ዝወገኑ "መማረፂ ውድብ ኢና" ዝብሉ ጉሒላታት ሰላም ባይታ የብሎምን-"ፈራሕ መንቀጥቀጥየ ዓድናስ ማይዳ እዩ የለን መሸጎጥየ" እዩ እቲ ጉዳይ። ዓሪፎም እንተዘይተቐሚጦም ማዕበል ህዝቢ ክውሕጦም እዩ...ረመፅ ህዝቢ ከምክኾም እዩ። ወያናይ ባህሪ መሪሕ ውድብና ህ.ወ.ሓ.ት ድማ ቃልሲ እንትፍልም ዝነፀረቶም ራእያትን ዝሓንፀፀቶም ትልምታትን ሙሉእ ንሙሉእ ንምትግባር ወግሐ ፀብሐ ኣብ ስራሕ እምበር ንበለካ ለኽዕካ ተናፋሲ ዘረባ እዝኒ ከይሃበት ምስ ህዝባ ከም ጋላባይ ፈረስ ጉዕዞኣ ንቕድሚት እዩ - እቶም ኣኽለባት ይነብሑ እቲ ጊመል ጉዕዝኡ ይቕፅል እዩ ነገሩ።

## መጠቓለሊ

ህዝቢ ትግራይ ከም ኩሎም ውፁዓት ህዝብታት ኢትዮጵያ ንዕንወቱ ምሕረት ዘይብሉ በሊሕ ሰይፊ ተመዚዙ ብኣድልዎን ወፅዓን ሰንሰን ዝበለ ህዝቢ እዩ። ህዝቢ ትግራይ፣ ካብትን ካብትን ዘራያት ተኣኻኺቦም ካብ ኣርባዕቲኡ ማኣዝን ዝተወርወረ በሊሕ ሹተል ዝተወግአ ህዝቢ እዩ። ህዝቢ ትግራይ፣ ዓቐን ኣልቦ በደል ኣብ ልዕሊኡ እናወረደ ብተስፋ ምቑራፅ ርእሱ ናብ ኣብራኹ ኣላጊቡ ደኒኑ ዝቑዝም ዘይኮነስ እታ እንኮ መማረፂት ብረታዊ ቃልሲ ብምፍላም ን17 ዓማውቲ መረርትን ከበድትን እዋናት ሓሊፉ ምስ ካልኦት ውፁዓት ህዝብታት ብሕብረት፣ ቃልሲ ዝጠልቦም መስዋእትታት ከፊሉ ብድሙቕ ዓወት መሰስ ዝበለ ከምቲ ወርቂ - ወርቂ ምኳኑ ኣብ ሓዊ ተፈቲኑ ዝረጋገፅ ብውፃእ ውረድ ፈተናታት ፀኒዑ ብምቅላስ ናብዚ ብርኪ ዝበፅሐ ካብ ጀጋኑ ጅግና ህዝቢ እዩ። ህዝቢ ትግራይ ሃገርና ካብ ደልሃመት ተገላጊላ ዘይትዓርብ ድምቕቲ ፃሓይ በሪቓ ዘተኣማምን ዓወት ምስ ጨበጠ ዋዓል ሕደር ከይበለ ብደም ተጠሚዑ ኣብ ልቡ ዝተሓተመ ቃል ሕድሪ ጀጋኑ ስዉኣት ዓቲሩ ዝዓነወት ዓዱ ክትለምዕ፣ ድኽነት ታሪኽ ክኸውን፣ ኣብ ተርታ ዝማዕበሉ ክስራዕ...ልምዓታዊን ዲሞክራሲያዊን ህዝባ መንግስቱ ዝሓንፀፆ ትልሚ ንምዕዋት ዝረባረብ ህዝቢ እዩ። እዞም ኣብ ደምበ ተረፍ መረፍ ኢሰፓውያን ዝተዳጎኑ ተበለፅቲ ክራይ ኣከብቲ "መማረፂ ውድብ ኢና"

ዝብሉ ዝባኖም ቆርበት በጊዕ ዝተሸፈነ ውሽጦም ቶኳሉ፣ ሕቡእ ኣጀንድኦም ካብ ህዝቢ ዝስወር ስለዘይኮነ ሕድሪ መለስን ኲሎም ስዉኣቱን ብተግባር ብምትርጓም ክምክቶም እዩ። ምኽንያቱ ናይ ሎሚ ኣጀንድኦም እውን ከምቲ ናይ ትማሊ ንብርሰትናን ጥፍኣትናን ዝተፃወደ መሳርሒ ዓፈና እዩ። ህዝቢ ትግራይን መሪሕ ውድቡ ህ.ወ.ሓ.ትን ናይ ሓንቲ ሳንቲም ክለተ ገፅ ምዃኖም ዘንጊዖም ዘይምሱል እናምሰሉ፣ ዘይዝሩብ እናተዛረቡ፣ እምንን ገልፅን ኣላጊቦም…ህዝቢ ትግራይን ህ.ወ.ሓ.ት.ን ክፈላልዩ ዝገብርዎ ዘለዉ ሓርኮትኮት ንከንቱ ፃዕሪ ማይ ምውቃጥ እዩ። ምኽንያቱ ህዝቢ ትግራይ ህ.ወ.ሓ.ት-ህ.ወ.ሓ.ት ህዝቢ ትግራይ እዮም። ህዝቢ ትግራይ ሰማይን መሬትን ከም ኣፍ ዕንቊ ዋላ ይፅበባ ብህ.ወ.ሓ.ት ዝመፆ ኣየኽእሎን-ምኽንያቱ ህ.ወ.ሓ.ት እስትንፋሱ ስለዝኾነት። ህ.ወ.ሓ.ት ንህዝቢ ትግራይ ብደም ደቁ ዝጠጠዐት ተኽሊ ሓርነት… ብዓፅሚ ደቁ ጠጠው ዝበለት ሓወልቲ መንነቱን ሚስጥር ምንባሩን እያ። እወ! ካብ ወፅዓን ጭቆናን ክናገፍ ብብቕዓት መሪሓ ናብዚ ምዕራፍ ሰላም፣ ዲሞክራሲን ልምዓትን ዘብፅሐቶ መሪሐ ውድቡ እያ። ህ.ወ.ሓ.ት ጎዶሎታታ መሰረታዊ ለውጢ ከምፅእ ብዝኽእል ብዕምቆት ብምፍታሽ ክእረሙ ናይ ምግባር ዘይንቅነቕ መትከላዊ እምነት ነባር ባህሊን ክዕቡት ልምድን ዘለዋ ህዝባዊት ውድብ ስለዝኾነት። ህዝቢ ትግራይ ዝኾነ ይኹን ካብ ዝመፅአ ይምፃእ ንህ.ወ.ሓ.ት ዝትንክፈሉ ሓይሊ ናይ ሰከንድ ዕድል ኣይህቦን። ህ.ወ.ሓ.ት ትንፋሱ…ህ.ወ.ሓ.ት መትኒ ደሙ…ህ.ወ.ሓ.ት ሚስጥር ሰለማዊ ናብርኡ ስለዝኾነት። ስለዝኾነ ድማ ህዝቢ ትግራይ ህ.ወ.ሓ.ት ካልኦት መማረፅታት ደልዩ ናብ ውድድር ዘቕርባ ብርካሽ ዋጋ ዝግምታ ኣቕሓ ዘይኮነትስ ህይወቱ እያ-ክባር ሂወቱ። ስለዝኾነ መማረፅታት ዘይደልየላ እንኮ መሪሕ ውድቡ እያ። ህዝቢ ትግራይ ሓንቲ ስለዝኾነት ቃሉ ኣብ ቃሉ ፀኒዑ ንህ.ወ.ሓ.ት እናሓብሐበ ንዘልኣለም ህ.ወ.ሓ.ት ከይኑ እዩ ዝነብር። መሪሕ ጭርሖ ህዝቢ ትግራይ ህ.ወ.ሓ.ት ወይ ሞት እዩ። ህዝቢ ትግራይ ማለት ህ.ወ.ሓ.ት… ህ.ወ.ሓ.ት ማለት ህዝቢ ትግራይ።

**ወያናይ መስመርና ብዘይዛሪ ቅብብል ሕድሪ ናብ ወለዶታት ክሰጋገር እዩ!**

**ህ.ወ.ሓ.ትሰላም!**

**ህ.ወ.ሓ.ት ዲሞክራሲ!**

**ህ.ወ.ሓ.ት ልምዓት!**

**ህ.ወ.ሓ.ት ህዝባዊነት…! ስለዚ ሕዚ እውን ጉዕዞና ምስ መሪሕ ውድብና ህ.ወ.ሓ.ት ንቕድሚት!**